# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
# ሕጂኸ ናበይ?

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**ዕለት 28.09.2005**

ቅድሚ እቲ ካብ 15-24 መስከረም 2005 እተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሕጂኸ ናበይ ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ተሰሚዖም ኢዮም። ነዚ ሕቶታትዚ ክለዓለ ዝደረኹ ምኽንያታት ብዙሓት እኳ ክኾኑ ዝኽእሉ እንተኾኑ፤ እቲ መሰረታዊ ግን፡ ኣብ ገለ ኣባላት ውድባት ኪዳን እተፈጥሩ ፍልልያትን ምስሕሓባትን ኢዩ ነይሩ። እዚ ፍልልያትዚ ክውገን ይኽእል ዶኾን ወይስ ንኪዳን ዝፈናጭል ተረኽቦ ክኸውን ኢዩ ዝብል ሕቶታትን ሻቕሎትን ኣብ ኣእሙሮ ብዙሓት ከልዓል ገይሩ ኢዩ። ገለገለ ውን፡ ንኪዳን ካብ ዘለዎም መሰረት ዘይብሉ ተጻብኦታት፡ ድሌቶም ኣይሰመረሎምን ደኣምበር፡ ክፈናጨል ዝምነዩን፡ ካብኡ ሓሊፎም ንኽፈናጭልዎን ካብ ህዝቢ ንኽንጽልዎን ኣበርቲዖም ዝተንቀሳቐሱ ምንባሮምን ኵሉ ዝፈልጦን ክከታተሎን ዝጸንሐ ጕዳይ ኢዩ። እቲ ዘገርም ከኣ፡ ቅድም ክብሉ ስለምንታይ ሓድነት ዘይተገብረ እናበሉ ዝነቕፉን፥ ንሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ንድፍግ ኢና ዝብሉን፤ ነዚ ዘይደገፈ ብእተፈላለየ ኣስማት ዝጽውዑን ኣካላት ምንባሮም ኢዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት ኪዳን እተፈጥረ ዘይምርድዳእን ምፍንጫላትን ብግቡእን ብምሉእ ድምጽን ምርድዳእን ክውግኖ ምኽኣሉ እምበኣር፡ መርኣያ ናይ ብቕዓቱን ሓድነቱን ኢዩ። በዚ ድማ፡ ነቲ ሕጂኸ ናበይ ዝብል ሕቶ፡ ሕጂስ ንቕድሚት ድኣ ንሰጕም ክብል ብተግባር መሊስዎ። ዝሓለፈ ተመኵሮ ይኣኽለና ካብ ዝብል ዕግበት ንድሕሪት ክምለስን፥ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ክነብርን ኣይመረጸን። ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት እተፈጥረ ምፍልላያት ክምዝምዞን ንረብሓ ናይ ውልቀ ውድባቱ ከውዕሎ ውን ኣይፈተነን። ነቶም ብግዝያውነት ዘንጠልጠሎም ውድባት፡ ካብ ሕጋዊ መበገሲታት ጥራሕ ብምንቃል ብመሰረት ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክማልኡ ዘለዎም ናይ ኣባልነት ረቛሕትታት ኣማሊኦም ናብ ኪዳን ክምለሱ ኢዩ ጠሊብዎም። ግዲኦምን ኣብ ደምበ ተቓውሞን፡ ይውሓድ ይብዛሕ ብዘየገድስ ደገፍትን ሰዓብትን ምውናኖምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ ኪዳን ክምለስሉ ዝኽእሉ ሰፊሕ ባብ ኢዩ ከፊቱሎም። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ ክገብር ዝመረጸ፡ ኣብቲ ናይ ካልእ ርእይቶ ምኽባርን ምጽውዋርን ዝብል መትከሉ ረጊጹ ኢዩ።

በዚ ልቦናዚ እተሰናበዱ ሸነኻት፡ ናብ ኪዳን ኣይትመለሱ፡ ንሕና ኣሎናልኩም ብምባል ነቲ ጋግ ንምግፋሕ ኣበርቲዖም ክንቀሳቐሱ ተራእዮም ኢዮም። እዚ ግን ከንቱ ድኻምን ዘይረጋገጽ ሕልምን ምኟኑ ንሓንቲ ህሞት ውን ኣይንጠራጠርን ኢና። ምኽንያቱ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡

ነቲ ናይ ምስረታ መድረኽ ብዓወት ዛዚሙ፣ ብኽልተ እግሩ ረጊጹ፣ ናይ መጻኢ ዕላማታቱ ንምርግጋጽ ብናህሪ ክንቀሳቐሰሉ ናብ ዝኽእል ደረጃ ሰጊሩ ስለዘሎ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ይኹን ብግዝያዊት መሪሕነት ዝምራሕ ክንፊ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ኣካልን ኣምሳልና ናይ ደምበ ተቓውሞ ደኣምበር መሳርሒ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከምዘይኮኑ ስለእንርዳእ ኢዩ።

ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መእተዊኡ *“ነዚ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ኵነታት ንምቕያር፣ ኵሎም ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ዝቃወሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ሰፊሕ ጠርናፊ ግንባር ክሰምሩ ግድን ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ፣ ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታት ሰፊሕ ግንባር ስምረት ከኣ፣ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ዙርያኡ ክዓስልን ክቃለስን ብምግባር መዋእል ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ክሓጽር ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ። በዚ መልክዕ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ምስ እትምስረት፣ ምስ ከባቢኣን ምስ ዓለምን ብሓፈሻ ዝህልዋ ዝምድናታት ድልዱል ኰይኑ፤ ዞባዊ ርግኣትን ጸጥታን ንምሕላው ተበቅዕ። ሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ኣብ ሓባራዊ ጥቕምታት ናይ ምዝማድን ሰረት ምንጻፍ ይከኣል”* ይብል።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ ካብዚ መንቀሊዚ ተበጊሱ ንኹሉ ተቓዋሚ ሓይልታት ንምጥርናፍ ዝሰርሕ ግንባር ምዃኑ ብሩህ ኢዩ። ናይ ምንጽጻግን ምርሕሓቕን መንፈስ ንምድኻም ዝቃለስን፤ ናይ ኣባልነት ረቛሒታት ዘማልአ ዝኾነ ይኹን ተቓዋሚ ሓይሊ፣ ኣይዲዮሎጂኡ ብዘየገድስ ንምጥርናፍ ዝጽዕትን ግንባር ኢዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ንሱ ዘዋፍሮም መጋበርያታቱን፣ ህዝቢ ኣብ ዙርያ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከይዓስል ንምግባር ኵሉ ዝከኣሎም ክገብሩን ንውሱን ቊጽርን ንግዜኡን ዘደናግርዎ ክፋል ናይ ህዝብና ከምዘይስእኑን ውን ኣይንስሕቶን ኢና። ግን፣ ነቲ ምእንቲ ሃገራዊ ሓድነትን ምእንቲ ውህደት ተቓወምቲ ሓይልታትን ዝግበር ቃልስታት ደው ከብልዎ ከምዘይክእሉ ርዱእ ኢዩ። ድሮ እኳ፣ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ብዓወት ምዝዛሙ፣ ነቲ ቅድሚ ኣኼባኡ ዝነበረ ህቦብላ ከህድኦ ምኽኣሉ ከም ጭቡጥ ምስክርነት ክጥቀስ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፣ ሕጂኸ ናበይ ንዝብል ሕቶ፣ መልስና፣ ሕጂ ናብ ስራሕ፣ ናብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ሓድነት፣ ናብ ምጥርናፍ ዝሰፍሐ ክፋል ህዝብና፣ ናብ ምጽውዋር፣ ናብ ዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምሕጻር፣ ናብ ግዝኣተ-ሕግን ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ዝነገሶ ስርዓት ምምራሽ ዝብል ኢዩ።